ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ حزب النهضة الإريتري

Eritrean Nahda Party

# ዕዙዝ ሃገራዊ ጻዊዒት ንደለይቲ ፍትሒ
# ብምኽንያት ዝኽሪ መበል 25 ዓመት ናጽነት ኤርትራ !!

ዝኾነ ህዝቢ ናይ ገዛእ ርእሱ ታሪኽ ኣለዎ። ኣብ ሕሉፍ ታሪኹን ህሉው ኩነታቱን ተሞርኲሱ ድማ መጻኢታቱ ይእንፍት። ሕብረተ ሰባት ዝውንኑዎ ክብርታትን ወግዕታትን ባህላዊ ጭዋነትን ሃገራውነትን ካብ`ቲ ታሪኻዊ ኣመጻጽኣኦም ዝነቅል'ዩ። ሰለ ዝኾነ ድማእቶም ንሰላማዊ ቃልሲ ኣንጻር ገዛኢ ኣትኪሎም ዝቃለሱ ዝነበሩ ናይቲ ግዜቲ መንእሰያትን ዕላማ ዝኸፈልዎ ክቡር መስዋእቲ ንከይሃስስን ናብቲ ሓቀኛ ናጽነት ፍትሕን ዲሞክራስን ንክንበጽሕ እቲ እናሻዕ እንሓሰበሉን ንሓዋሩ ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ዝሰረተ ዘይብለል ታሪኽ እምብታነት ኒሕን ጀግንነትን ቀዳሞት ኤርትራውያን ምልስ ኢልና ምስ እንሪእዮ እዩ ፡፡ ነዚ ድማ ብምልኣት ኣፍልብና ነፊሕና እንኾርዓሎምን ሓያለ ናይቲ እዋንቲ ቅያታት ኣንጻር ባርነት ቃልስታት ታሪኽ ብናይ ሽዑ መንእሰያት ናይ ሎሚ ኣቦታትናን ኣባሓጎታትናን ዝወነና ምኺና ከም እንንየተሎም ርጉጽ እዩ ፡ ይኹን እምበር ነቲ ዝነበረ መድረኽ ሰላማዊ ቃልሲ ሕቶ ንናጽነት ኣብ ምዕምባቡ ብውዲት ዕሱባት ምስ ተቐጽየ ንምህናጹ በቶም ነይቲ ግዜቲ ደለቲ ፍትሕን ናጽነትን ኣቦታት ብሓያልን በዳህን ኩነት ዳግማይ ምትካሉ እኳ እንተተፈተነ ሰላማዊ ቃልሲ ናይ ምምላስ ተኽእሎታት እናጸበበ ኣብ ዘይካኣለሉ ደረጃውን ተበጺሓ፡በዚ ድማ ዕጥቃዊ ቃልሲ ግድነታዊ ናይ መወዳእታ ምረጫ ሙኳኑ ብምስማር ናጽነት ንምድላይ ብቐላሲ ጅግና ኣቦና ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ናብ በረኻታት ብምውፋር ብረታዊ ቃልሲ ጀሚሩ ።

ኣብዚ መድረኽዚ እውን ኣንጻር ሕሱምን ጨቛንን ባዕዳዊ ገዛኢ ምስ ኩለንተናዊ ገዚፍ ዓቕምታቱ ከይተዳህለ ብምግጣም እዚ ውላድ ህዝቢ ኤርትራ ተጋዳላይ በጃ ህዝቡ ዘይጽወር ዝጾረ ኣብ ኣጻምእን ምድረበዳን ኣብ ጎቦን ስንጭሮን ኣብ ዱርን ገደልን ከርተት ከይኣኽሎነታ ዝውንና ሓንቲ ህይወቱ እውን ከይበቐቐ ንናጽነት ሃገር ዘወፈየ፡ ጅግና በጃ ህዝቡን ሃገሩን ብወርቂ ቀለም ታሪኽ ክውንን ዝኸኣለ፡ ወራሲ ሕድሪ እዞም ሙዑታት ጀጋኑ ኣቦታቱ ምኺኑ እምበር ካልእ ምስጢር ስለ ዝነበሮ ኣይኮነን። ስለ ዝኾነ ድማ እዩ ህዝቢ ኤርትራ በቲ ልዑል እምነት ዘንበረሉን ተቃላሳዩን ክንዲ ልሳኑ ዝኾኖ በሊሕ መስተውዓሊ ሉኡኹን ሓርበኛ ዉሉድን ዝኾነ ብዝኸፈሎ ከቢድ መስዋእቲ ነዚ ዕለት'ዚ ክበቕዕ ዝኻኣለ ።

ይኹን እምበርእዛ ዕለት'ዚኣ ንህዝቢ ኤርትራ በቶም ነዚ ዉፉይ ጅግና መሪሖም ዝመጹ ናይ ሽዑ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ እቲ ካብ መፈጠሩብሽርሒ ዝነቐለብውዲት ዝበስበሰ ናይ ተንኮል ኣጀንዳ ዝተወጥሓ ዕሱባትን ጠላማትን ብደም ህዝቢ ዝጨቀዉ መሪሕነቱ ጥልመት ዝተፈጸመላ መዓልቲ ኮይናጥራይ ዘይኮነስ ፡ ናይ ማዕርነትን ሓርነትን ሕቱኡ ተመንጠለላ፡ ናይቲ ካብ ኣቦታቱን ኣባሓጎታቱን ሂወቱን ንብረቱን

ዝኸፈለ ጡሙሑ ተኾሊፉ ብኣስገዳድ ድማ ኣብ ውሽጣዊ ባርነት ተሸመመላ መዓልቲ'ያ፡ ብምኳና ድማ ከይፈተወ ዳግማይ ናብቲነዊሕን መሪርን ቃልስን ከቢድ መስዋእትን ብድምር ክከፍልን ክኣቱን ተፈረደላ ዕለት እውን እያ ኔይራ ክባሃል ይከኣል ።

እወ!! ከምቲ ዘይሓሰብካዮ ርኹብ ኣይመርገም ኣይምረቓ ዝበሃል ህዝቢ ኤርትራ ካብ ትጽቢቱ ወጻኢ ድቦላዊ ሓደጋታት ኣብ ትሕቲ ሩኡይ ጥልመትን ውሽጣዊ ባርነታዊ ጭፍለቓ ብደዔን ዓመጽን ተሸሚሙ።እቲ ሃገራዊ ናጽነት ከረጋገጽ ናብ ሜዳታት ኤርትራ ዝወፈረ ሓርበኛ ሓይሊ ክንዮ ምብራር መግዛእታዊ ስራዊትን ምርግጋጽ ሃገራዊ ናጽነትን ንህዝብን ሃገርን ዘርብሕ ዝሓለፈ ውጽዓ ህዝቢ ኤርትራ ዝድብስ ዓይነት ከመይነትን ኣተሃናንጻን መንግስታዊ ስርዓት ዛዕባታት ሓርነታዊ ዴሞክራስያዊ መሰላትን ዉሑስ ከይገበረ ሕጹይ መስዋእትን ገንሸል ናጽነትን ጥራይ ክኸውን ከምዘለዎ ጥራይ ተገይሩ ።

በዚ ድማ ንኣስታት ርብዒ ዘበን ድሕሪ ምእዋጅ ሃገራዊ ነጻነት ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ገዛእ ሃገሩ ክብሪ ስኢኑ፡ ፖለቲካውን ሰብኣውን መሰላቱ ተነፊጉ፡ ኣብ ትሕቲ ዳግማይ መግዛእትን ባርነትን ገባቲ ስርዓት ዝነብር ዘሎ ። እቲ ጠላሚ ህዝቢ ዝተኸተሎ ግጉይ ስርዓተ ምሕደራ ንምልካዊ ስልጣኑ ዘገልግል ካብ ዝደኰኖ ኣዕናዊ ፖሊሲ፡ ገለ ክንሪኢ እንኮለና ካብ ጽባሕ ናጽነት ኤርትራ ናይ ውድባት ሓሸውየ ኣይነፍቅድን ፡ ህዝቢ ጀበርቲ ዝባሃል ኣይንፈልጥን ብሄርነት ህዝባዊ ግንባር እዩ ዝዕድል፡ኣነ እየ ፈራዲ ኣነ እየ ሓጋጊ ብምባል ሰባት በይፍርዲ ክእሰሩ ከቕተሉ ኣለዎም ፡ባሓቲ ንግዳዊ ንጥፈት ኤርትራ ናይ ህዝባዊ ግንባር እዩ (09) ፡ እዚ ኣብ ኩሉ መዳያት ህይወት ኤርትራዊ ኣስዒብዎ ዘሎ መሰረታዊ ሽግራትን ፈጢርዎ ዘሎ ዓቕሊጽበትን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ብሰንኪ ኣብ ኩሉ ቀጸላታት ሃገር ኣተኣታትይዎ ዘሎ ሰብኣውን ማተርያላውን ዕንወትን ብርሰትን ጥራይ ከይ ኣክል መንገዲ ሰላምን ርግኣትን ብምዝራግ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ከይተረፈ ብሰላም ክነብር ዘይክኣለ ብኩለ መዳይ ነታ ሃገር ናብ ሓደጋ ምብትታን ኣእቲዋ ምህላዉ ንማንም ኤርትራዊ ዘይንገር ሓቂ እዩ ። እዚ ድማ በብተርታ ንኩሉ ኤርትራዊ በጺሕዎ ዘሎ እኳ እንተኮነ በተዓጻጻፊ ኣብ ብሄራ ጀበርቲ ኤርትራ ወሪዱ ዘሎ ብትንታነ ክረኤ እንክሎ ግን ድርብ ምስ ማንም ዘይዳረግ ሙኺኑ ይበርሃልካ።

ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ተጋዳላይ ፖለቲካዊ ብስለቱን ከየስፈሓ፡ ሕቡኣንን ሰብ እከይ ሕልምን ራእይ ብምቅላስ ኣብ ውሽጢቲ ቃልሲ ንናጽነት ኣብ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ'ቲ ግንባርንድፊ ባርነት ብምስኣል ብሱዉራት ኣባላትን ስዉራት ትካላትን ነቲ ቃልሲ ኣብ ውሽጡ ጉጅለኣዊ ጃናዳ ብምኹማር ነቲ ደም ራሃጹን መስዋእቱን ዝኸፈለ ዝበዝሓ ኣካል ገድልን ሓፋሽ ህዝብን ናይ ምጥላም ዝነበረ ኣካይዳ ዝተዓዘቡ ገባቲ ስርዓት ናብ መንገዲ ጥፍኣት ደኣ እምበር ናብ ሰላምን ዴሞክራስን ከምዘይብጽሕ ብምርዳእ ካብ ብልቀ ሰባት ክሳብ እቲ ኩሉ ደላይ ፍትሒ ዓገብ ብምባል ብተግባር ዝምስከሩ ክኸኾኑ እንከለዉ ፡ምስክርነቶም ድማ ገንሸል ደቂ ህዝቢ ዝኾኑ ካብ ግዜ ሓርነታዊ ገድሊ ዝጀመረ ክሳብ ከም ወዲ ዓሊን ካለኦትን በቲ ግበታዊ ስርዓት ዝወሰደሎም ናይ ምቕታል ምሕቃቕን ሱጉምትታት ንዘልኣላም ዝዝኽሩ ኣያታት ታሪኽ ሙኺኖም ኣምሰኪሮም ሓሊፎ እዮም ።

እዚ ድማ እቲ ስርዓት ሕልሚ ጸላም ኣጀንዳታቱ ንምቕጻል ስልጣን ንምብሓትን ውልቀ መላኽነት ንምንጋስን ብመራሒ ጉጅለ ግበታ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ዝተሃንደሰ ሕጊ ኣልቦነት ከም ቀንዱ ተጠቃሲ ህዝቢ ኤርትራ ንምብራስ ዝዓለመ ኣዋጅ ጥፍኣት ዝረኤ ኮይኑ ብቀደም ተኸተል ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ብፍላይ ድማ ኣብ

ልዕሊ መንእሰይ ወለዶ ንርብዒ ዘበን ዝዘነቡ ፍጹማዊ በደላት መጸባጽብቲ የብሎምን ።ብኸፊል ገለ ንምባል ምድኻም ሃገራዊ መንፈስን መንነትን ፈላላይ ተጻብኦ ሓድነት ዘይፍትሓዊ ኹናት ምስ ጎረባብቲ ሃገራትን ሳዕቤናቱን ግዱድ ዕስከርናን መላእ ሕብረተሰብ ናብ ዓስከር ናይ ምቕያር ንድፍታትን ብመስርሕ ምዝመዛ ነጻ ጉልበት ምግባት ኩሎም ሸቕለታትን ኣቢልካ ብድኽነት ነቲ ህዝቢ ኣብ ትሕቲ ማሓውርካ ብምእታው ዝሰረተ ውጽዓ ፡ ነቲ ተቓሊሱ ዘቃለሰ ህዝቢ ብቀይዲ በተኽነትን ሕጊ ኣልቦነትን ስቓታት ሉኡምነትን ብምንጋስ ምብኻን ኣእምሮን ስደትን ብልሽውናን ምርሳይ ጸጋታት ሃገርን ጸብጺብካ ዘይውዳእ ጥፍኣት ናብ ህዝቢ ኤርትራ ዝወረደ ኣደራዕ'ዩ ኣብዚ ዝሓለፈ ርብዒ ዘበን ።

እንተኾነ ብወገን ደላይ ፍትሒ ዲሞክራስን ነዚ ግበታ ንምምካትን ንህዝቢ ንምድሓንን እንታይ ተገብረ ዝብል ነዚ ንምምላሽ ድማ ፡

ውድባት ሰልፍታት ሲቪክ ማሕበራት ውልቀሰባት ብሓፈሻ ህዝቢ ኤርትራ ነዚ እኩይ ሕልሚ ጠለምቲ ህዝቢ ዓገብ ብምባል እዚ ዘይባሃል ኣወንታዊ ቃልሲ ዘካየዱ እንክኮኑ፡ኣብዚ ክርሳዕ ዘይብሉ ግን ብፍላይ ፖለቲካዊ ሓልይታት ዘካየድዎ ቃልሲ በዳሂ ኔይሩ ክባሃል ይካኣል እዚ ድማ ኣብዛሓ ውድባት ኣብ ቃልሲ ካብቲ ዝነብረ ኣወንታዊ ሕሉፍ ተመክሮ ተበጊሰን ነቲ ዝብጻሕ ዘይመስል ዝነበረ ብዘተ ፍልልያት ምጽባብ ከምዝካኣል ብነዊሕ መሪርን ተደጋጋሚ ምፍንጫላትን ዝበጸሖአ ነቲ ናይ ግርጭት ኣፈታትሓ ኣብ ፖለቲካዊ ቃልሲ መርሆ ብምኽታል ክሳብ እዚ ጉዕዞ ዝበጻሓሉ ኮይኑ ኣብ ካላኣዊ ፍልልያት ግን ገና ተታሒዞም ይርከቡ፡ ነቲ ቃልሲ ናብ ዛዛሚ ሸቱኡ ንምብጻሕ ብሓድነት ካብ ካልኣዊ ፍልያያትንከወጹ ግን ናብ ማህደር ታሪኽ ኣቦታት ብምምላስ ከምቲ ቀዳማይ ሱዉእ ኤርትራ ኣቦና ሸኽ ዓብደልቃድር ከቢረ ዝበልዎ"**ካብ ሽሕ ዓመት ውርደት ሓንቲ ዓመት ብኽብረት ምንባር ይበልጽ** " ዝብሎ መሰልን ክብረትን ብመሪር ቓልሲ ጥራይ ከምዝረጋገጽ ኣሚኑ ነብሱን ብጾቱን ብኒሕ ዝነቕሎ፡ ነቲ ኣብ ዝባን ህዝቢ ዘሎ ውጽዓ ጠለምቲ ውሽጣዊ ባርነት ንምእላይ ታሪኽ ኒሕን እምቢታት ቖርሲ ኣቦታትካ በርቢርካ እምቢ ንምልክን ባርነትን እምቢ ንሕሱር ባርነት ሕሱም ጊላነት ትብልዶ ? ወይስ ኣብ ነብሲ ፍትወትን ተበላጺ መንፈስን ወዲቕካ ነታ ትዓኑ ዘላ ቤትካ ቤት ቃልሲ ቤት ክብረትን ቤት ጽውነትን ቤት ሓድነትን ቤት ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ምእንታኻን ምእንታኣን ዝሓለፈ ነዊሕን ረዚንን ጉዕዞ ዝተኸፈሎመሪር ቃልሲ ብሓደ ቅልጽም ንጠላሚኻ ምህራም ዘብቓዓኻ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ራሕሪሕካ ዳግማይ ብጎጆ ውድብ ጥራይ ተመሲጥካ ጉዕዞኻ ብምስንኻል ናብቲ ንኽትዛረበሉ ተምሳጥ ዘይብሉ መሪርን ኣሰቃቕን ጉዕዞ ስደት ቀደምካ ተውሳኽ እቲ ስርዓት ሓደስቲ ወለዶ ውሉድካ ጠርኒፍካ ዝቀዳደሙሉ ዘለዉ ኣቢልካ ኣብቲ ቤት እንዳማትካ ርዝነትካ ነኪኻ ከም ዝበሉኻን ከምዝደለኻዮን ዘይምቹእ ናብራ ክትነብር ትሕልን ?

ኣይፋልካን ! ህዝቢ ኤርትራ ብፍላይ ድማ ፖለቲካዊ ሓይልታት ገጽካ ዳኣ መለስ ዘይወግሕ ጸላም የለን`ሞ ንስለ ሓድነትካ ድሕነት ህዝብኻን ንምውሓስ ኩሉ ሓይልታት ምስ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኣንጻር ግበታ ብሓባርን ብወለንታን ካላኣዊ ፍልልያት ብምስጋር ከም መበገሲ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ብምግባር ነቲ ዝተረፈ ሓልታት ብምጥማር ነዚ ኣፍ ሞት ዘሎ ስርዓት ዳግማይ ከምዘይትስእ ንምስባሩ እቲ እንኮ መፍትሒ ሓድነት ደለይቲ ለውጢ እዩ ንድሕነት ህዝብን ሃገርን ዝከኸውን ብምባል'ዩ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ምስ ኩሎም ኣባላቱ ብሙኺን ብዘይሕለል ቃልሱንህዝቢ ኤርትራ ሓርነቱ ከበስር ዝጽዕት ፡ንኽዕወተሉ ድማ ናይ ኩለን ሓይልታትን ወለንታ ንሓድነት ንክረክብ ከይደቀሰ እንዳሰርሓ፡ ንኹሉ ናይ ውሽጥን ናይ ደገን ተጻቦታት ብምምካትን፡ነቶም ኣብ ጎኒ እቲ ግበታዊ ስርዓት ኮይኖም ብስቓይ ህዝቦም ዝዛነዩ፡ብደመ-ርሃጹ የሽካዕልሉ ዘለዉ እዉን ብምኹናን ናይ ህዝቢ ኤርትራ ናጽነቱ ንምውሓስ ሎሚ እውን ከቢድ መስዋእቲ ክኸፍል`ዩ ።

ኣብዚ ኣጋጣሚ ብምግባር እውን ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ንኹሉ ደላይ ፍትሒ ዘቕርቦ ጻዊዒት ፋሽስታዊ ምስልን ኣረመናዊ ፍጻሜታትን ዘይፍትሓውን ዘይሕጋውን ስርዓት ህግደፍ እዚ ካብ ኮነ ህዝቢ ኤርትራ እንታይ ምላሽካ ? ፍሉጥዩ ፡ኣይፋል ንምልኪ ምስበልካ ንታሪክን ሕድርን ዝወርስ ባህርን ንባርነት ኣብ መሬትካ ዘይቕበል ኣእምሮ ዝነበሮ ተባዕ ንትሕተ ሃገራውነት ዘየናሕሲ ኣካይዳን ንባዕዳዊ ገዛኢ ብግቡእ ዘለለየ ዝስዓበ ጀግንነትካ ግዜ ከይ በለዌ ድማ ሕድሪ ክቡር መስዋእትታና ብምጽናዕ ኣብ ኣሰሮም ብምእሳር መስርሕ ቃልሲ ከይበተኽካ ኣብ ዛዛሚ ሽቱኡ ንምዕራፍ ፡ ፍትሓውን ዲምክራያዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣንጻር ባዕዳውያን ገዛእቲ ዝለበሰካዮ ጋማ ብናይ ኣብዚ ኣብ ውሽጣዊ ባርነትን ግበታውን ብምድጋም 24 ግንቦት ብገዛእ ቅልጽምካ ወናኒ መሰል ርእሰ ውሳኔኻን ናጽነትን ሉኣላውነትን ኤርትራ ጋህዲ ክትገብሮ ኢኻ ።

ኣብ መደምደምታ ኩሉ ደልይ ፍትሒ እዚ ግበታዊ ስርዓት ብስንኪ ኣቲ ኣብ ገማግም ባሕሪኤርትራ ዘካይዶ ምትእትታው ንሏኣላውነት ኤርትራ ካብቲ ናይ ዝሓለፉ 25 ዓመታታት ኣብ ዝላዓለ ደረጃ ኣብ ሓገዳ ኣብጺሕዎ ምህላዉ ቀጻልነት ናይዚ ስርዓት ድም ክሳብ ክንደይ ንህዝብን ሓገርን ሓደጋ ሙኧኑ ብምርዳእ ሃገር ብምልእታ ከይበጻሓ ኣንከሎ ኩሉ ዓቕምና ኣንጻሩ ብምስላፍ ንለውጢ ንቀላጠፍ ፡ ንኩሎም ደለይቲ ፍትሒ ሃገራት ዓለም ብፍላይ ድማ ጎረባብቲ ሃገራትና ምእንቲ ቀጻልነት ዘለዎ ሰላም ቅሳነትን እዚ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንምውሓስ ንቓልሲ ኣንጻር እዚ ግበታዊ ስርዓት ዝወፈረ ሓይሊ ብኩለ መደይ ሓገዝኩም ከተወፍይሉ እንጸዋዕና ፡ ንኹሎም ዓለምለኻውያን ሰብኣዊ መሰል ተጣበቕቲ UNHCRካለኦት ኩሎም ዝምልከቶም ትካላት ... ኣብ ውሽጥ ሃገር ኤርትራን ኣብ ስደተን ኣብ በረኻታት ዓለም ኣብ ትሕቲ ዘይ ሕጋውያን ነጋዶ ሰብ ዝርብ ህዝቢ ኤርትራ ዝወርዶ ዘሎ ሰባኣውን ፖለቲካዊ ጥምየትን... ጸገማት ብኽፉት ዓይኒ ብምዕዛብ ቅልጡፍ ሓገዝ ክትገብሩሎምን ኣብልዕሊ እቲ ስርዓት ዝከበደ ማዕቀብ ክግበርሉ ደጊምና ደጋጊምና ንጠልብ ፡

**ዝክርን ሞገስን ንኩሎም ሱዉኣትና !!!**

**ዓወት ንፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ !!!**

**ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ**

**24 ግንቦት2016**